
# ሓበሬታ ብዛዕባ ሕርሲ ክጅምር ድርኺት ምግባር

መብዛሕትኡ እዋን እቲ ሕርሲ ክጅመር ድርኺት ዝግበረሉ፡ ብሰንኪ ሕማም ወይ ካልእ ሕልኽላኻት እዩ። ንኣደ ወይ ነቲ ዝውለድ ዕሸል ዝሓሸ ኣማራጺ ክኸውን ከሎ ጥራይ ከኣ እዩ ዝግበር። ነቲ ሕርሲ ምጅማር ግዜ ዝወስድን ዘድክምን ስጕምቲ ስለ ዝኾነ፡ ከምኡ ኽንገብር ምስ እንውስን ብቑዕ ምኽንያት ኣሎና ማለት እዩ። ንነብስኺ ነቲ ሕርሲ ክጅምር እንደፋፍኦ ነብስኺ ንሕርሲ ባዕሉ ክይተዳለወ ኸሎ ኢና። በዚ ምኽንያት እዚ፡ እቲ ምጅማር ናይ ሕርሲ ንገሊኦን ደቂ ኣንስትዮ እተወሰነ መዓልትታት ክወስደለን፡ ንገሊኦን ግና ኣብ ውሽጢ ሰዓታት ሕርሲ ክጅምረን ይኽእል እዩ። ብሓበሬታ እተደገፈ ውሳነ ምእንቲ ኽትገብሪ፡ እኹል ሓበሬታ ክንህበኪ ኢና።

እቲ ሕርሲ ክጅመር እተገብረሉ እዋን፡ እቲ ኣምንዮቲክ ፈሳሲ ካብ ማህጸንኪ ምፍሳሱን ዘይምፍሳሱን ከምኡውን ቅድሚ ሕጂ ወሊድኪ ምንባርክን ዘይምንባርክን ኣብ ቅልጣፈ እቲ ሕርሲ ጽልዋ ይገብር እዩ። ክሳዕ እቲ ናይ ድርኺት ሕክምና ዝጅመረልኪ፡ ሰብነትኪ እንታይ ዓይነት ምላሽ ከም ዝህብ ክንፈልጥ ኣይንኽእልን ኢና። ቅድሚ ምጅማርና ግና፡ ብኸመይ ነቲ ናይ ድርኺት ሕክምና ከም እንጅምሮ መደብ ነውጽእ ኢና።




እቲ እንጥቀሞ ሜላ ኣብቲ ክሳድ ማህጸንኪ ምርቃቑን ዘይምርቃቑን እተመርኰሰ እዩ። ኵሉ ሳዕ እቲ ሓኪም ክትወልዲ ቀሪብኪ እንተ ኼንኪ ምእንቲ ኽፈልጥ፡ ብርሕሚ ኣቢሉ ብዝግበር ቢሾፕ ስኮር ዝበሃል መርመራ ክገብረልኪ፡ ከምኡውን ንውሓትን ኣቀማምጣን ምርቃቕን ክሳድ ማሕጸንኪ ክግምግምን ክኽፈት እንተ ጀሚሩ ክምርምርን እዩ፣ እቲ ዕሸል በየናይ ሸነኽ ጎሎኺ ከም ዘሎ እውን ክርኢ እዩ። ድሕሪኡ፡ እቲ ሓኪም እንታይ ዓይነት ሜላ ሕርሲ ከም ዝሓይሽ ክውስን እዩ።



Illustrasjon: Eline Skirnisdottir Vik

እተን ሕርሰን ብድርኺት ወይ ብምድፍፋእ ክጅምር ዝግበረለን ጥኑሳት ኣብ ክፍሊ መሕረሲ እየን ክወልዳ ዝግብአን። ኣብ ማይ ኣቲኻ ብዝግበር ዓይነት ሕርሲ ኸኣ ክሓርሳ ኣይክእላን እየን።
እኹል ሓይሊ ሰብ እንተዘይብልና፡ ሓሓሊፉ ነቲ ሕርሲ ንሒደት መዓልታት ነናውሖ ኢና።



Illustrasjon: Eline Skirnisdottir Vik

ገለ ካብተን ሕርሰን ብድርኺት ወይ ብምድፍፋእ ክጅምር ዝግበረለን ጥኑሳት፡ ኣዝየን ይደኽማ እየን። ድቃስ ምስኣንን ቃንዛ ዝበዝሖ ምጭብባጥ ማህጸንን ኣመና ከቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ብዝከኣል መጠን፡ ዋላ እውን ቀትሪ እንተ ኾነ ጽቡቕ ዕረፍቲ ምግባር ወይ ምድቃስ ኣገዳሲ እዩ። ሓይሊ ምእንቲ ኽትረኽቢ ድማ ፈኲስ ምግቢ ክትበልዕን እኹል ማይ ክትሰትይን እውን ኣሎኪ።

ቈልዓ ምውላድ ከቢድ እዩ፣ ይኹን እምበር፡ ጽቡቕ ተመክሮ እውን እዩ። ብዙሕ ጽቡቕ ሓገዝ እውን ክትረኽቢ ኢኺ።

ብዝንፋሕ ፍሒኛ ካታተር ዝግበር ድርኺት ሕርሲ
ፍሕኛ ካታተር ቀጢን ካብ ጎማ እተሰርሐ ሻምብቆ ክኸውን ከሎ፡ መብዛሕትኡ እዋን ካብ ናይ ሽንቲ ፍሕኛ ሽንቲ ንምውጻእ ዝጠቅም እዩ።
እቲ ካታተር ብርሕሚ ኣቢሉ ናብ ማህጸን ይኣቱ፣ ብኽሳድ ማህጸን ኣቢሉ ናብ ውሽጢ ክሳድ ማህጸን ይኣቱ። ኣብ መንጎ ርእሲ እቲ ዕሸልን ክሳድ ማሕጸንን ድማ ክቕመጥ ኣለዎ። እቲ ካታተር ምስ ተቐመጠ ድማ፡ እታ ኣብ ጫፍ እቲ ካታተር ዘላ ፍሕኛ ብእተጻረየ ማይ ትምላእ።
ገለ ኽፋል እቲ ካታተር ብርሕሚ ኣቢሉ ንደገ ጠልጠል ክብል እዩ። ኣብ ሰለፍኪ ድማ ብፕላስተር ከነላግቦ ኢና፣ ስለዚ፡ ንቡር ምንቅስቓስ ክትገብርን ናብ ሽቓቕ ክትከድን ትኽእሊ ኢኺ። እቲ ካታተር ምስ ኣተው፡ ቍሩብ ደም እተሓወሶ ፈሳሲ ክፈስሰኪ ንቡር እዩ።

እቲ ካታተር ምስ ኣተወ ነዊሕ ከይጸንሐ፡ ናይ ማህጸን ምጭብባጥ ክስምዓኪ ኽጅምር እዩ። እቲ ምጭብባጥ ማህጸን እተፈላለየ ጸዕቅን ብርታዐን ቃንዛን ክህልዎ ይኽእል እዩ። ንእተወሰነ ሰዓታት ክጸንሕ ይኽእል እዩ። ኣብ ገሊኡ እዋናት፡ እዚ ናይ ማህጸን ምጭብባጥ ቅልውላው ሕርሲ ከምኡውን ሕርሲ ከጀምር ይኽእል እዩ።



Illustrasjon: Eline Skirnisdottir Vik

እቲ ፍሕኛ ካታተር ምስ ኣተወልኪ ናብ ገዛኺ ክትከዲ ዘሎኪ ተኽእሎ፡ ኣብቲ ነዚ ሜላ ድርኺት ወይ ምድፍፋእ ሕርሲ እተወስደሉ ምኽንያትን ኣብቲ ገዛኺ ካብ ሆስፒታል ዘለዎ ርሕቀትን ኣብ ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ምኽንያታትን እተመርኰሰ እዩ። እቲ ካታተር ባዕሉ እንተ ዘይወጺኡ፡ ድሕሪ 12-36 ሰዓታት ከነውጽኣልኪ ኢና። እቲ ክሳድ ማሕጸንኪ ኽረቅቕ ወይ ክልጠጥ ክጅምር ከሎ እቲ ፍሕኛ ባዕሉ ክወጽእ እዩ። እቲ ፍሕኛ ባዕሉ እንተ ወጺኡ፡ ካብ ማህጸንኪ ማይ እንተ ፈሲሱኪ፡ ማህጸንኪ ክጨባበጥ እንተ ጀሚሩ፡ ወይ ደም ክፈስሰኪ እንተ ጀሚሩ፡ ደውልልና።
እቲ ፍሕኛ ምስ ወጸ፡ እቲ ማህጸን ምጭብባጥ ምእንቲ ኽጅምር ብሆርሞናት ጌርና ነቲ ድርኺት ወይ ድፍኢት ሕርሲ ከነቕጽሎ ኣሎና። እዚ ግና ብቕልጡፍ ኣይንገብሮን ኢና።

እቲ ቐጺልና እንወስዶ ስጕምቲ፡ ነቲ ድርኺት ወይ ምድፍፋእ ሕርሲ ዝጀመርናሉ ምኽንያትን ኣብ ክፍሊ መሕረሲ ዘለዋ ብዝሒ ዝሓርሳ ኣንስትን እተመርኰሰ እዩ።

ብፕሮስታግላንዲን ሕርሲ ምድራኽ

ፕሮስታግላንዲን ብካፕሱል ወይ ከኣ ኣብ ርሕሚ ብዝልከ ጀል ነገር ኣቢልካ ዝወሃብ ሰብ ዝሰርሖ ሆርሞን እዩ። እዚ መድሃኒት እዚ ኣብ ኣርባዕተ ወይ ሽዱሽተ ሰዓታት ሓንሳእ ክውሃበኪ እዩ። እቲ ክፍሊ መሕረሲ እዚ መድሃኒት ብኸመይ ክውሃብ ከም ዝግብኦ ይውስን።
ዝኾነ ይኹን መድሃኒት ቅድሚ ምሃብናን እቲ ናይ ማህጸን ምጭብባጥ እናወሰኸ ክኸይድ ከሎን ህርመት ልቢ ናይቲ ዕሸል ብCTG ክዕቀን እዩ። ኣብ ኣርባዕተ ወይ ሽዱሽተ ሰዓታት ሓንሳእ ሓደ ሓኪም ወይ መሕረሲት ብርሕሚ ኣቢላ ክሳድ ማሕጸንኪ ክሳዕ ክንደይ ረቑቑ ከም ዘሎ ክትዕቅን እያ። ሓንቲ ጥንስቲ ክሳድ ማህጸና ንሕርሲ ክሳዕ ቅሩብ ዝኸውንን ማህጸና ክጨባበጥ ክሳዕ ዝጅምርን ዘድልያ መጠን ካፕሱል ወይ ጀል ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ እዩ።

እታ መሕረሲት/እቲ ሓኪም እቲ ሕርሲ ንምድራኽ ዝወሃብ መድሃኒታት እንታይ ውጽኢት ከም ዘምጽኣን ኵነታትክን ኵነታት እቲ ዕሸልን ክከታተሉ እዮም። በቲ ዝረኽብዎ ውጽኢት መሰረት ከኣ፡ ተወሳኺ ሕክምናን ክትትልን ክገብሩልኪ እዮም።
ኣብቲ ናይ መጀመርታ ሰዓታት፡ ሓጺርን ተኸታታልን ምጭብባጥ ማህጸን ከምኡውን ከም ናይ ጽግያትኪ ዝመስል ቃንዛ ክስምዓኪ ልሙድ እዩ። ከምዚ ዝበለ ሓጺር ምጭብባጥ ማህጸን ናብቲ ቐንዲ ከይዲ ምጭብባጥ ማህጸንን ናብ ሕርስን ክቕየር እዩ።

ብፍሕኛን ብፕሮስታግላንዲንን ጌርና ነቲ ሕርሲ ኣብ ውሽጢ ሒደት መዓልትታት ከነጀምሮ እንተ ዘይክኢልና፡ ነቲ ኣምንዮቲክ ፈሳሲ ሽፋኑ ዝሓዘ መምብራና ብምንኳል ወይ ምጭብባጥ ማህጸን ዘቀላጥፍ ማይ ሓይሊ ብምሃብ ነቲ ሕርሲ ክጅምር ክንደፋፍኦ ኢና።
ሳሕቲ ግና፡ እቲ ክሳድ ማሕጸን ኣጸቢቑ ክሳዕ ዝረቅቕ እቲ ሕርሲ ንሒደት መዓልትታት ከም ዝናዋሕ ክግበር ይኽእል እዩ። ከምዚ ዓይነት ውሳነ ድማ ምሳኺ ኣቐዲምና ብምምኽኻር ኢና እንውስኖ።


Illustrasjon: Eline Skirnisdottir Vik

ድርኺት ብኣምንዮቶሚ/ምጭብባጥ ማህጸን ዘቀላጥፍ ማይ ሓይሊ
እቲ ኽሳድ ማህጸን ረቑቑ ከሎ ሕርሲ ግን ብልክዕ እንተ ዘይጀሚሩ፡ እታ መሕረሲት ወይ ሓኪም ነቲ ኣምንዮቲክ ፈሳሲ ሽፋኑ ዝሓዘ መምብራና ብቐጢን በሊሕ ፕላስቲክ ገይራ ብምንኳል እቲ ኣምንዮቲክ ፈሳሲ ከም ዝወጽእ ትገብሮ፣ ብዙሓት ጥኑሳት ድማ ድሕሪዚ ማሕጸነን ብብርቱዕ ክጨባበጥ ይጅምር እዩ። እቲ ስምዒት ከምቲ ብርሕሚ ኣቢሉ መርመራ ክግበረልኪ ኸሎ ዝስምዓኪ ስምዒት እዩ። ነቲ ዕሸል ድማ ዋላ ሓንቲ ኣይጐድኦን እዩ። ቅድምን ድሕርን እዚ ስጕምቲ፡ ህርመት ልቢ ናይቲ ዕሸል ክዕቀን እዩ።

ብዙሕ ሳዕ፡ ምጭብባጥ ማህጸን ዘቀላጥፍ ማይ ሓይሊ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ። በዚ ኸምዚ ንሰብነትኪ ኦክሲቶሲን ዝብሃል ሆርሞን ይውሃቦ፣ እቲ ሆርሞን እቲ ኸኣ ማሕጸንኪ ምጭብባጥ ክጅምር ይሕግዞ። እቲ ሕርሲ በዚ ማይ ሓይሊ ኣቢሉ ክጅመር እንተ ተገይሩ፡ ህርመት ልቢ እቲ ዕሸልን ናይ ማህጸንኪ ምጭብባጥን ኣጸቢቕና ክንከታተሎ ኢና። ስለዚ፡ ነቲ ህርመት ልብን ምንቅስቓስን እቲ ዕሸል ዝምዝግብ CTG ዝብሃል መሳርሒ ምስ ሰብነትኪ ከነላግቦ ኢና። እቲ CTG ዝብሃል መሳርሒ፡ ንህርመት ልብን ምንቅስቓስን እቲ ዕሸል ከምኡውን ናይታ ኣደ ናይ ማህጸን ምጭብባጥ ዝከታተል ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒ እዩ።

ዝኾነ ሕቶ እንተ ኣልዩኩም፡ ከይተሰከፍኩም ሕተቱና። ክንሕግዘኩም ቅሩባት ኢና። እንቋዕ ደሓን መጻእኩም!